# <u>ለኹመየ ላሎ...</u>



’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ኣብ እምባታተይ፣ ኣብዛ ጣሻየ
ጸባን ምዓርን፣ ምስ ሕምባሻየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ኣብዛ ግራተይ፣ ኣብ ዓደ’ቦየ
ኣብ ወሰን ሩባ፣ ኣብዛ ሰውሐየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!



’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ምስ ደቒ ዓደይ፣ ምስ ኣሕዋተየ
ምስ ወይዘራዝር፣ ’ዘን ኣሓተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!



’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ሳላ ጭብጦይ፣ ’ዛ ኗዳ ማየ
ምስቱ ኽስታናይ፣ ምስ
ኣስላማየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ብዓይኒ-ብርከይ፣ ሳላ ጻዕረየ፣
ሓሪስካ ምብላዕ፣ ብረሃጸየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!



’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ሳላ ስግደተይ፣ ጾም-ፀሎተየ፣
ሳላ መብጻዓይ፣ ’ታ ጽላተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ብኻላሽነይ፣ ብመውዜረየ
ሳላ ጋምባለይ፣ ቁምጣ ስረየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

’ለኹመየ ላሎ፣ ’ለኹመየ!
ደው ይበሉለይ ’ዞም ኣሕዋተየ

ደው ይበሉለይ 'ዞም ኣሕዋተየ
ርፍ-ርፍ ይበሉ 'ቶም ጸላእተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።